ካቶሊካዊ ኤጳርቅና ዘበአሥመራ
አሥመራ - ኤርትራ

ቁ. ሳ. ጶ. 244
ቴሌ. 00291-1-12 02 06
ፋክስ 00291-1-12 65 19

***ንዜንወኩሙ ዜና ሠናየ!***
***ጥዑም ዜና ነበሥረኩም!***

፲፮ ለካቲት ፳፻፬ ፣24 ለካቲት 2012

ክቡራን፣ ካህናት፣ ደናግል፣ ምእምናን ክርስቶስ ብሓበራ፤
ካብ እግዚኣብሔር ኣቦናን፣ ካብ ክርስቶስ ኢየሱስ ጐይታናን ጸጋን ሰላምን ምሳኻትኩም ይኹን (1ጢሞ1፥2)።

*ንዜንወኩም ዜና ሠናየ!*

ድሕሪ ብዙኅ ናይ ምድላው ዓመታት፣ ብፍቓድ እግዚኣብሔርን፣ *ሥምረት* መንበረ ጴጥሮስን፣ ብፁዕ ወቅዱስ ኣቦና፣ ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት በነዲክቶስ መበል 16፣ በዛ ሎሚ መዓልቲ፣ ክብረ በዓል እኖና ኪዳነ ምሕረት፣ (ማለት፣ ዕለት 16 ለካቲት 2004 ዓ.ም.ግ. 24 ለካቲት 2012 ዓ.ም.ፈ) **ኣብ ከተማ ሰገነይቲ፣ ደብረ ቅዱስ ሚካኤል፣ ዝመንበራ፣** ክፋል ዞባ ደቡብ፣ ክፋል ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፣ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ድማ ብምሉኡ እትሓቍፍ፣ ኣብ ሃገርና ሓዳስን ራብዓይትን ኤጳርቅና/ሰበኻ ክትቀውም/ክትትከል ወሲኖም ኣለው። ብፁዕ ወቅዱስ ኣቦና በነዲክቶስ፣ ናይዛ ሓዳስ ሰበኻ እዚኣ ቀዳማይ ጳጳስ ክኾኑ ንጥቀ ክቡር **ኣባ ፍቅረማርያም ሓጐስ ጻሊም፣ ካህን ሰበኻ ኣሥመራ፣** ከምዝመረጽዎም እውን ብወግዒ ነበሥረኩም። ንመዓልቲ ጽድስናን ካልእ መደባትን ብዝምልከት ከኣ ኣብ ጊዜኡ ክንሕብር ምዃና ነረጋግጸኩም። ክሳብ ሽዑ ግን፣ ቅድሚ ኵሉ ነዚ ዓብይ ድማዕ'ዚ ዝገበረልና እግዚኣብሔርን፣ ነቶም ብተገዳስነት ተኸታቲሎም ኣብ ግብሪ ዘወዓልዎ መራሒ ቤተክርስትያንናን ነመስግን። ራብዓይቲ ሰበኻ ምትካል ማለት ጽዑቕ ስብከተወንጌልን ምብርባር እምነትን ንምክያድ ማዕጾ ዝኸፍት፣ ንኵሉ መዳይ ሕይወትን ስራሕን ቤተክርስትያን ድማ ዕብየትን ምዕባለን ዘምጽእ ከምዝኸውን ርጉጽ እዩ።

ንክቡር ኣባ ፍቕረማርያም ከኣ ነዚ ዝቕብልዎ ዘለው ዓብይ ሓላፍነት ክስከሙ ክርስቶስ ሕያዋይ ጓሳ ኃይልን ጥዕናን ክእለትን ክህቦም ብጸሎትና ነሰንዮም። ጽድስና ቃል ኣምላኽ ናይ ምብሣር፣ ነፍሳት ናይ ምቅዳስ፣ መጓሰ ኣምላኽ ናይ ምንባይ ኣገልግሎት ዘጠቓልል ዓብይ ተልእኮ እዩ። ስለዚ ኣባ ፍቅረማርያም፣ ከምቲ ክርስቶስን ቤተክርስትያንን ዝደልዩዎ ኣገግሎቶም ብብቕዓት ንክፍጽሙ መዓልታዊ ጸሎትና ኣይፈለዮም። ኵልና በብዘሎናዮ ነቲ ዝጽበየና ዘሎን ናይ ጽድስናን ጽንብልን በዓላት ብመንፈሳውነት ንዳሎ፣ ካልእ ኣድላይ ኣበርክቶ ክንግብር ኣብ እንሕተተሉ ጊዜ ከኣ ብለጋስነት ንተሓባበር። እግዚኣብሔር ሓዲስ ዘመን ስብከተ ወንጌልን፣ መንፈሳዊ ምዕባለን ከፊቱ፣ ንካህናትን፣ ውፉያትን፣ ምእመናንን ናይዛ ሓዳስ ሰበኻ ይባርኸልና። ብሃገር ደረጃ ከኣ ንኵልና ብመንፈስ እምነትን ምትሕብባርን ክንጐዓዝ ብመንፈስ ቅዱሱ ይምርሓና። ንሕፁይ ጳጳስ ክቡር ኣባ ፍቕረማርያም ሓጐስ ከኣ፣ እግዚኣብሔር ሓይሊ ይሃብኩም፣ ቅዱስ ሚካኤል ሊቀመላእክት ኣብ ኵሉ ተልእኾኹም የሰንኹም፣ ቅዱስ ኣቦና ያዕቆብ ዩስጢኖስ ናይ ጕስነት መንገዲ ይሓብሩኹም፣ እኖና ኪዳነ ምሕረት ኣብ ጽላላ ተዕቍብኩም ንብሎም።

እግዚኣብሔር ንሃገርናን ቤተክርስትያንናን ይባርኽ፣
ቡሩክ በዓለ ኪዳነ ምሕረት ይግበረልና

ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም
ጳጳስ ዘመንበረ ኣሥመራ

CATHOLIC EPARCHY OF ASMARA - ERITREA